## መንግስቲ ኢማራት ናይ ፖለቲካዊ እሱራት የመናውያን ካብ ዓደን

## ናብ ኣብ ኤርትራ ዝርከብ ቤት ማእሰርቲ ኢማራት ተሰጋገር ኣላ

ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ቅነ መንግስቲ ኢማራት ነቶም ኣብ ከተማ ዓደንን ከባቢኣን ኣሲራቶም ዘላ የመናውያን ናይ ፖለቲካ: እሱራት ካብ ሓተትን ስድረኦምን ንምርሓቕ: ናብ ኣብ ኤርትራ ዝርከብ መደብራት ኢማራት ተሰጋግር ከም ዘላ ኣል-መያዲን ዝተባህለ ናይ ዜና ማዕከን ኣጋሊጹ። ናይዞም አሱራት ሓለውቲ ዕሱባት ካብ ኮሎምቢያ ብመንግስቲ ኢማራት ዝተቆጽሩ ወታሃደርት ክምዝምርመሩን ዝሕለዉን ይግለጽ። አዞም ዕሱባት ሓለውቲ ናብቲ ኣብ ኤርትራ ዝርከብ ቤት ማእሰርቲ መንግስቲ ኢማራት ሓሊፎም ዶ ወይስ ጌና ኣብ ዓደን ኣለዉ ዝፍለጥ የለን። እቲ ኣብ ልዕሊ ሓው ህዝቢ የመን ዝካየድ ዘሎ ህልቀት ስርዓት ህግደፍ ምንጪ ዶላራት ክጥቀመሉ ምርኣይ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ የመን ዘይጠፍእ ታሪኻዊ ስምብራት እዩ። ይኩን አንበር መስኪን ህዝቢ ኤርትራ  ካብዚ ታሪኻዊ ገበን ነጻ እዩ።